ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# ሻድሻይ ሱሩዕ ኣኬባ

# ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ብወግዒ ተጀሚሩ

ሻድሻይ ምዱብ ኣኼባ ኣባላት ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ትማሊ ብዕለት 23 ነሓሰ 2019 ብወግዒ ተጀሚሩ ። ኣቦ መንበር ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ሓው ዓብዱራሕማን ጣሃኑር ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ ንኩሎም ኣባላት ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት እንቛዕ ደሓን መጺኹም ድሕሪ ምባል ሰልፊ ንህሉው ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ናብ ማዕርነትን ሰላምን ፍትሓውን ሃገር ንምምምጻእ ኣብ ነካይዶ ዘሎና ቃልሲ ንቀጻልን ሓያልን ኣተሃላልዋ ሰልፍናን ከምኡ ደምበ ተቃውሞ ብሓፈሻ ኣብነታዊ ስርሓት ኣብ ምክያድ ይርከብ ምህላዉ ብምርግጋጽ። እዚ ከኣ ኩሉ ግዜ ካብ ውሽጢ ሓደ ሰልፊ ክረአ ዘለዎ ተሪር ሓድነት፡ ምርድዳእ ኣብ መንጎ መሪሕነት ኣባላትን ዝካየድ እንካን ሃባን ካብ ዝነቕል ሓሳባት ተደማሚሩ ንግዳማዊ ዝድምናታት ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ንቀረባን ርሑቕን መደባት ንምዕዋት ዘኽእል እዩ ድማ ኢሉ ። ቀጺሉ ኣቦ ወንበር ሰልፊ እዚ ሻድሻይ ሱሩዕ ኣኬባ ሰልፊ ካብ ዝሓለፉ ሱሩዓት ኣኼባታት ፉሉይ ዝገብሮ እቲ ዘልዕሎም ዛዕባታት ተኣፈፍትን ኣብዚ ዘለናሉ ዘይቅርዑይ ኣተሃላልዋ ናይ ኤርትራውያን ፡ ኮነ ደለይቲ ፍትሒ እዋን ናይ ሃገርና ናይ ህላውነት ሕቶ ዝምልከቱ እዋናዊ ዛዕባታት ፖለቲካ ከባብያውን ዓለማውን ዞባውን ኩነት  ኣልዒሉ ብዓሚቕ ክዝትየሎም ሙኳኑን ፡ እዚ ዘለናሉ ቃልሲ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ዝካየድ ዘሎ ምርብራብ  ብቖንዱ ምስቲ ግበታዊ ጉጅለ ኢሰያስ  ኣብ ሃገርና ዝርከብ ብናይ ሰላም ሽፋን ዘካይዶ ዘሎ ሕቡኡት ውዕላት ምስ ጎረባብትን ባዕዳውያን ብምምልካት ሃገርና ንምድሓንን ውሽጣዊ ሓድነትና ንምሕያል  ቃልሲ ደልዲልና ምስ ኩሉ ዲሞክራሲያውያን ሓይልታት ኤርትራ ፍታሕ ንምርካብ ኣብ ነካይዶ ቃልሲ ንህዝብናን ሃገርና ካብ ዘርብሕዎ ኣውራ ነጥብታት ክንዛረበሎም ዘሎና ጉዳያት ምዃኖም’ዩ ድህሪ ምባል ፡ ሻድሻይ ሱሩዕ ኣኬባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ጸብጻባት ኣብየተ-ጽሕፈት ፈጻሚት ድሕሪ ምስማዕ እውን ዓሚቕ ናይ ሕሉፍ መጻእን ውሽጣውን ግዳማውን ገምጋማት ብምግባር ንመጻኢ መደባቱ ከኺድዎ ዝእኽሉ መደባት ቃልስን ሓደስቲ ውሳኔታት ብምሓዝ ኣብ ዝቕጽል ንዝካየድ ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ክቐርቦ ሙኳኑ ሓቢሩ፡ እዚ ሻድሻይ ሱሩዕ ኣኬባ ፈጻሚ ቤት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ንኣስታት ዓሰርተ መዓልታት ከምዝቕጽል ክፍሊ ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝረኸቦ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ  ።

**ክፍሊ ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ 24 ነሓሰ 2019**